# ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብ ሲያትል!

ኣብ ሲያትልን ከባቢኣን ዝቅመጣ ኣባላት ሃማደኤን፡ ደቅንስትዮ ኣባላት ማሕበረ ኮም ኤርትርውያንን፡ ነዚ ረዚን ትርጉም ዘለዎ በዓልን - በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂንስትዮ (፰ መጋቢት)፡ እቲ ንገለ ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝበዓል ዝነበረ ሕሉፍ ታሪኽ ተሪፉስ፡ ብሓንሳእ፡ ብሓድሽ መንፈስን ትስፍው ድርኩኹትን፡ ፍናን ብዝመልኦ ተበግሶ፡ እኖሆ ንጽባሕ ቀዳም ፰ መጋቢት፡ ብድሙቕ ኣገባብ ከብዕልኦ ጽፉፍ ምድላዋት ገይረን፡ ንኤርትራውያንን መሓዙት ኤርትራውያንን "መርሓባ" ብምባል፡ ንዘበርክትኦ ኣጻብዕቲ ዘቖርጥም እኽለ ማይ "ጀባእ" እንዳበላ፡ብወናማት ተላሃይቲ ሙዚቃን ባህልን ዝተሰነየ ሰናይ ምሸት ከነምሲ ብኽብሪ ይዕድማና ስለዘለዋ፡ ሃየ ኩልና ግዱሳት ጉዳይ፡ ቆጸራና ናብ ማሕበረ ኮም ይኹን!

መዓስ፤ ቀዳም ፰ መጋቢት (Saturday March 8) 2014

ኣበይ፤ ማሕበረ ኮም 1854 S Massachusetts St Seattle 98144

ሰሚዕኩሞዶ ኣብ ሲያትል ዝጋዋሕ ዘሎ ዜና፤
እወ 'ዘን ለባማት ወሓልል የሕዋትና
ወራዙት ጻዕራማት ዓበይቲ ኣዴታትና
ለባማት ሓቦኛታት መናእሰይ ደቅና
ጻዕዳ ድኣ እጽንሓየን'ምበር ጸባ ኣስትየናና!

ዓንቂጹወን ዝነበረ ትርጉም ዘይነበሮ ኩራ
ዕጅብ ከይበለን ናይ ተጻባእቲ ባዶሽ ፈኸራ
ተሰማማዓ'ባ ንኽብርቲ በዓለን 'ብሓደ ኣብ ሓደ' ከኽብራ
ዝሕበናላ ሃገር ስለዘላተን ትብሃል ሃገረ ኤርትራ
ሃየ ደኣ ንጻምበረን ኣብ ዘካይድኦ ሃገራዊ ወፈራ!

«ዕድመ ን፰ መጋቢት
ማዕርነት ደቅንስትዮ ኣበሳሪት»

ደቂንስትዮ ኣባላት ማሕበረኮምን ሃማደኤን ሲያትል